

# መዘና የብሉን!!!

ብመምህር ተኪኣ መብራህቱ

እግዚኣብሄር በቲ ብ740-700 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እተነበየ ነብይ ኢሳይያስ፣ ነቶም ንኣምላኽ እስራኤል ሓዲጎም፣ ንጐረባብቶም ክመስሉ በብዓይነቶም ጣኦታት ዘምልኹ ዝነበሩ ህዝቢ ይሁዳ፣ ኣብ ኢሳይያስ 46፡5 ከምዚ ገይሩ ይብድሆም፡፡ “መዛኑ ኽንከውንሲ፣ ምስ መን እሞ ከተማሳስሉንን ከተመዓራርዩንን ከተታኻኽሉንን ኢኹም?” የሱስ ክርስቶስ ድማ ንዲማን ኣብ ኩሉ ቦታን መዘና የብሉን፡፡ ቀዳማይ፣ መን ብምዃኑ፣ ከም ወዲ ኣምላኽ፣ መዘና የብሉን፡፡ ካልኣይ፣ በቲ ኣገልግሎቱ፣ ከም መድሓኒ ዓለም፣ መዘና የብሉን፡፡ ሳልሳይ፣ ብደግነቱ፣ ማለት፣ ብሞራላዊ ህይወቱ ኣብዛ ምድሪ፣ መዘና የብሉን። ኣተኵሮና ኣብታ ሳልሰይቲ ኰይኑ ብሽዱሽተ ነጥብታት ክንርእያ ኢና፡፡

## 1. ኣበርን ሓጥያትን ዘይብሉ ፍጹም ሰብ እዩ - መዘና የብሉን፡፡

የሱስ ክርስቶስ፣ ብዘይካ ሓጢኣት፣ ከምዚ ኸማና ስጋ ዝለበሰ ሰብ ምንባሩ ንዘክር፡፡ ስለዚ ድማ ኢና ፍጹም ሰብ እንብሎ፡፡ ዮሃንስ ነዚ ኪገልጾ ከሎ ኣብ ዮሃ 1፡14 “እቲ ቓል ስጋ ኾነ ...” ይብሎ፡፡ ጳውሎስ ድማ ኣብ ፊሊጲ 2፡7 “... ሰብ'ውን መሰለ፣ ብንብረቱ ኸም ሰብ ኰይኑ ተረኽበ፡፡” ይብል። ከም ሕጻን ከሎ ዛንታኡ ኣሎና፡፡ ወዲ 12 ዓመት ከሎ ዛንታኡ ኣሎና፡፡ ኣገልግሎት ቅድሚ ምጅማሩ ዝነበረ ናይ ሰላሳ ዓመታት ዛንታኡ፣ ሉቃስ ኣዝዩ ኣሕጽር ኣቢሉ ከምዚ ገይሩ ዛዚሙዎ ኣሎ፡፡ “ምሳታቶም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፣ ይእዘዞም'ውን ነበረ፡፡ ... የሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ፡፡” ሉቃ 2፡51 52፡፡ ምሳታቶም ክብል ከሎ ምስ ኣዲኡ ማርያምን ምስ ዮሴፍን ማለቱ እዩ፡፡ ናዝሬት ድማ ዝዓበየሉ ንእሽቶ ዓዲ እዩ፡፡ ንማርያምን ንዮሴፍን ድማ ይእዘዞም ነበረ ዝብል ኣቕልብ ነብለሉ፡፡ ሕጻን፣ ጐበዝ፣ ሰብኣይ፣ ዓርኪ፣ ዘመድ፣ ጐረቤት፣ ሓው ... ወዘተ፣ ኰይኑ ከም ዝዓበየ ብሉቃስ ተተምቢሁ ኣሎ፡፡

ብዛዕባ እቲ ዘመን ኣገልግሎቱ፣ ካብ ሰላሳ ክሳዕ ሰላሳን ሰለስተን ዕድሚኡ፣ እቶም ኣርባዕተ ወንጌላት ብዝኣክል ኣዘንትዮምዎ ንረኽቦ፡፡ ከም ሰብ ክበልዕ፣ ክሰቲ፣ ክጠሚ፣ ክጸምእ፣ ክገይሽ፣ ክደክም፣ ክድቅስ፣ ክበጽሕ፣ ክዕደም፣ ከዕልል፣ ሓዚኑን ጉህዩን ክነብዕ፣ ክጽሊ፣ ናብ ቤት ጸሎት ክኸይድ፣ ክማጐት፣ ክምህር ... ወዘተ ንርእዮ፡፡ ማለት እቲ

ተራ ሰብ ዝረኸቦን ዝሓልፎን ዘበለ ኩሉ ሓሊፉዎ እዩ። ጸገማትን ፈተናታትን ተጋጢሙዎ እዩ። ንሕና በዚታት ኩሉ ክንሓልፍ ከሎና፣ ኩላትና፣ ብሞራላዊ መንገዲ፣ ተዓንቂፍና፣ ተሓንጢጥና፣ ኣበር ጌርና፣ ተጸይቕና፣ ወዲቕና ኢና እንርከብ። ጥሒስና በደልን ገበንን እንተ ዘይፈጸምና እውን፣ ንወገንና ነሻሩ፣ ፈሪህና ሱቕ ኣብ ዘይብሃለሉ ነጽቅጥ፣ ሰሲዕና ንዕምጽ፣ ብምንዝንጋዕና ንብድል፣ ... ወዘተ። የሱስ ክርስቶስ በይኑ ጥራይ እዩ፣ ብእተፈላለዩ ፈተንቲ ተመክሮታት ሓሊፉስ ኣበር ዘይብሉ ፍጹም ሰብ ኮይኑ እተረኽበ።

ዮሃንስ መጥምቕ፣ በቲ የሱስ ዝነብረሉ ዝነበረ ነብዩን ናይ ኣምላኽ ሰብን ምስ ኣበሩ፣ እቶም ቀረባኡ ዝነበሩ ሃዋርያት ምስ ኣበሮም ኮይኖም ይርከቡ። ኩላትና፣ ሓደ ሰብ ከይተረፈ ምስ ኣበርና ኢና- ብዘይካ የሱስ ክርስቶስ። ኣብርሃም፣ ሙሴ፣ ነብያት፣ መሓመድ፣ ቡዳ፣ ... ወዘተ፣ ኩላቶም መምስ ኣበሮም እዮም። በቲ ሰባት ዝሓልፍዎ ተመክሮታት ሓሊፉ ብዘይ ኣበር እተረኽበ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ኣኽሪሩ ዝደጋገሞ ንመልከቶ።

እብ 4፡15 "ብዘይ ሓጢኣትሲ ብዅሉ ከምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ ..." ይብሎ። ኣብ 2ይ ቈረንቶስ 5፡21 "ሓጢኣት ዘይፈለጠ ...፣" ምንባሩ ይምስክር።

እብ 7፡26 "ኽፍኣትን ርኽሰትን ዜብሉ፣ ካብ ሓጥኣን እተፈልየ ...፣" ኢሉ ይገልጾ።

እብ 7፡27፣ "ምእንቲ ሓጢኣት ርእሱ ... ኣብ ጸጸባሕ መስዋእቲ ኬቕርብ ዘየድልዮ" ምንባሩ ምስቶም ካህናትን ካልኦት ዓበይትን እናኣማዛዘነ ይግረመሉ።

1ይ ጴጥ 2፡22 "ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ፣ ተንኰል'ውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ፣ ምስ ጸረፉዎ መሊሱ ዘይጸረፈ፣ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ኸኣ፣ ነቲ ብቕንዕና ዚፈርድ ደኣ ነገሩ ኣሕሊፉ ሃበ፣ እምበር ዘየፈራርሂ" እናበለ ይግረመሉ።

ፍጹም ሰብ፣ ሓንቲ ኣበር ኮነ ወይስ ሓጢኣት ዘይብሉ ኣብ ታሪኽ ብዘይ የሱስ ክርስቶስ ሓደ ካልእ እኳ ኣይተራእየን!! እንተ ዝነብሮ እቶም ኣምሪሮም ጸላእቱ ዝነበሩ ፈሪሳውያን ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ እቲ ፈራዲ ከጋልጽዎ ዕ ድል ነይርዎም። ፈቲኖም ድማ። ግናኸ መርሚሩ ጲላጦስ ዝመለሰሎም ከምዚ ይብል፣ "... ኣነስ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን፣ ... ።" (ዮሃ 18፡38)

ይሁዳ ኣስቆሮታዊ እቲ ንየሱስ ኣሕሊፉ ዝሃቦ ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ነበረ። በቲ ዝገበሮ'ውን ከምዚ ኢሉ ተጣዒሱ፣ ኣብ ማቴ 27፡3-5 ከምዚ ይብል፣ "ሽዑ ይሁዳ፣ እቲ ዘተሓዞ፣ ተፈሪድዎ ምስ ረኣየ፣ ተጣዕሰ እሞ፣ ንጹህ ደም ኣሕሊፈ ብምሃበይ በደልኩ፣ ኢሉ ... ወጸ፣ ከይዱውን ተሓንቀ።"

በቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብዛ ምድሪ ዝነበረሉ ዘበን ቅዱስ ሰብ፣ መናኒ፣ ሓያል፣ ዘየናሕሲ ጻድቕ ዝብሃል ዝነበረ ዮሃንስ መጥምቕ እዩ። ንቶም ናብ ጥምቀቱ ዝመጹ ኩላቶም በዛ ጸባብ ምሒ ኣሕሊፉ እዩ ዘጠምቖም ነይሩ። የሱስ ክርስቶስ ብዮሃንስ ክጥመቕ ምስ መጸ ግና ዮሃንስ እተዛረቦ ኣብ ማቴ 3፡13-14

ከምዚ ይብል፡ “ሽዑ የሱስ ብዮሃንስ ኪጥመቕ፡ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ፡፡ ዮሃንስ ግና፡ ንኣይ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ፡ ንስኻዶ ናባይ ትመጽእ፡ ኢሉ ኣበዮ፡፡”

ጸላእቱ ወይስ ፈተውቱ ዝረኸብሉ ሓጢኣት ሓንቲ እኳ የላን፡፡ ንሱ ባዕ ሉ'ውን ዝስምዖ ሞራላዊ ጒድለት፡ ዕ ንቅፋት ወይ ድኻም ከቶ ኣይነበሮን፡፡ ነቶም ተጻረርቱ ደፊሩ “ካባኻትኩም ብሓጢኣት ዚረትዓኒኸ መን እዩ?” ኢሉ ምስ በድሆም ዝምልሰሉ ሓደ እኳ ኣይተረኽበን፡፡

## 2. ናይ ዓለም-ለኸን፡ ዘበናት-ለኸን ኣርኣያ ሰብ ዝኾነ፡ ፍጹም ሰብ እዩ።

ካብ ሞራላዊ ኣበራት ነጻ ምዃኑ ኣዝዩ ዓቢ መዘና ዘይብሉ መስተንክር እዩ፡፡ ግናኸ ብኣወንታዊ መገዲ ካብኡ ዚዓቢ ተወሳኺ ድማ ኣለዎ፡፡ ብመዘና ዘይብሉ ደረጃ ኣርኣያ ናይ ኩሉ ደግነታት ድማ እዩ፡፡ ኣርኣያ ኣብ ጽቡቕ ክትበጽሕ እትኽተሎ ኣብነት እዩ፡፡ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ኣብ ኩሉ ቦታን ኣብ ኩሉ ዘመናትን ምሉእ ኣርኣያ ዝኸውን ድማ ሓደ ጥራይ ኣሎ፡፡ ንሱ ድማ የሱስ ክርስቶስ እዩ፡፡

ሰብ ደጊ ክኸውን እንተ ደኣ ኰይኑ መለክዒኡን ኣርኣያኡን እንታይ እዩ? የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ፡፡ ካልኦት ኣርኣያ ክኾኑ ብቑዓት ዝብሃሉ እንተለዉ እውን፡ ብዓቢኡ ነቲ ዘመኖምን ቦታኦምን ጥራይ እዮም፡፡ ነቲ ካልእ ዘመናት፡ ዘመኖም ዘሕለፉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ዓለም-ለኸን ዘመናት-ለኸን ምሉእን ኣርኣያ ደግነት ኪኸውን ዚኽእል ግና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ፡፡ ብኣርኣያኡን ብጸጋኡን እቲ ብኣዳም ዝጠፍአ፡ ንኣምሳኽ ዘምስለና መልክዕ ዝትክኣልና ንሱ በይኑ ጥራይ እዩ።

ካልኦት ብሹሉ መሊኦም ኣርኣያ ስለ ዘይኰኑ፡ ጐደሎ ኰይኖም ይርከቡ፡፡ ዘይሓበለን ዘይተረመሰን ዘይቈንጸበን ኣርኣያ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ። ካልኦት ዝንኣዱ ደግታት ሰባት ዝብሃሉ፡ ከምቲ በቲ ጽቡቕ ዝብሃል ዝዓበይሉ ዘመንን ባህልን ተኾስኵሶም ዝድገፉ፡ ብእኡ ድማ ይድረቱ፡ ብኣበራት ይርመሱ፡ ይቖንጽቡ እዮም፡፡ ሉተር ከምቲ ብጀርመናዊ ባህሉ ብጽቡቕ እተኸስኰሰ ከምኡ ድማ ብእኡ ዝሓበሎን ዝተደረቶን ድማ ኣለዎ። ጳውሎስ ከም ክርስትያን ኣርኣያና እውን እንተኾነ፡ ከምቲ በቲ ኣይሁዳዊ ታሪኹን ኣተዓ ባብያኡን እተኾስከሰ ብእኡ ድማ ከም እተበከለ ኣይንስሓቶ፡፡ ልሕድድ ኢሉ ዝጠብቀና፡ ዘይረኣየና ድኻማታትን ቂናን ዝንባሌታትን ናይ መዕበያን ባህልታትን ኣበራት ከም ዘጥቅዓና ርዱእ እዩ፡፡ እኒ ጳውሎስ'ውን እንተኾኑ፡ ንኹሉ ሰብ ንዲማ ኣርኣያ ዘየግብሮም ምርማስ ናይ ባህልን፡ ወገንን ዓሌትን፡ ዘመንን ኣይስኣኖምን፡፡ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ናይ ባህልን፡ ዘመንን፡ ዓ ሌትን፡ ቦታን... ወዘተ ምድራት ወይስ ምርማስ ዘይብሉ ኰይኑ ብጻይን ኣርኣያን ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ንሓዋሩ ኪኸውን ዝኽእል፡፡ ከምዚ ምዃኑ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተሓቢሩልና ንረክቦ፡፡

የሱስ ክርስቶስ ዓለም-ለኸን ዘበናት-ለኸን ኣርኣያና ምዃኑ በቲ “ወዲ ሰብ” ዚብል መለለዪኡ ተኣሚቱልና ኣሎ፡፡ ኣብተን ሰለስተ ቀዳሞት ወንጌላት ጥራይ በዛ “ወዲ ሰብ” እትብል መጸውዒ ስሳን ትሽዓተን ጊዜ ተሰምዩ ንረክቦ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ፡ መብዝሕትኡ

ጊዜ፣ በዛ ስም እዚኣ እዩ ዚላለየና፡፡ ከማና ሰብ ምዃኑ -- ግዳ ብዘይ ሓጢኣት፣ ብጻይና ምዃኑ፣ ኩላትና እንስዕ ቦ ኣርኣያና ምዃኑ ድማ የበስረና፡፡

"ወዲ ሰብ፣" ማለት፣ ሰብኡት፣ ኣንስቲ፣ ቈልዑ፣ ኵሎም ዓሌታት ዝሰቡ ከስምዕ ይኽእል፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፣ እቶም ፈሪሳውያን ናይ ገሊላ፣ ንየሱስ ክርስቶስ፣ "ዓርኪ ተገውትን ሓጥኣንን ..." (ማቴ 11፡19) ኢሎም ዘናሸዉዎ፡፡ ሰብ የሩሳሌም ድማ ብግዲኦም "ሳምራዊ" ማለት ሕሱር ኢሎም ዝጸረፍዎ፡፡ የሱስ ሓንጐፋይ ዝብሎም ጾታ፣ ዕድመ፣ ዓሌት፣ ደርቢ ሕብረተ ሰብ፣ ዓሌት፣ ... ወዘተ ደኣ እምበር ዝግልፎም ወይስ ዝፍንፍኖም የለዉን፡፡ ከምቲ ንህቢ ተሳሒቡ ኣብ ጽገ ዕምባባ ዝዓልብ፣ ከምኡ ድማ ዘለልዮ ኩሉ ሰብ ናብ ክርስቶስ እዩ ዝስሓብ፡፡

ምስናይዚ እቲ ክንበጽሖ ዘሎና ደግነትከ እንታይ እዩ? ብኣቦና ኣዳምን ብኣዴና ሄዋንን ዘጥፋእናዮ፣ ዝነበረና ክቡር መልክዕ ኣምላኽ ኣሎ፡፡ መስትያት ናይዚ መልክዕ እዚ የሱስ ክርስቶስ እዩ፡፡ ብጸጋን ኣርኣያን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ድማ ዚትካእ። ንሕና ደቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን ድማ እዩ ንሱ ወዲ ሰብ ዝኾነ፡፡ ነዚ ሓቂ እዚ ንምግላጽ ዮሃንስ ኣብ ዮሃ 1፡14,16 ከምዚ ይብል፣ "እቲ ቃል ስጋ ኾነ፣ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሓደረ፡፡ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና፡፡ ... እምብኣርከ ንሕና ኵላትና ኻብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና፡፡"

> *ንሕና ደቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን ድማ'ዩ ንሱ ወዲ ሰብ ዝኾነ፡፡*

3. <u>ንኣይ ዚብል መንፈስ ከቶ፣ ዘበት፣ ኣይነበሮን፡፡ በዚ መዘና የብሉን፡፡</u>

"ዘበን ውራውራ ነፍሰኻ ኣይተዕብራ፣" ዚብል ዓለማዊ መምርሒ፣ ቍጽሪ ሓደ ንገዛእ ርእሰኻ ከተቐድም፣ ቅድም ኣነ ይጥዓመኒ ክትብል ዘዘኻኽረካ ማዕዳ እዩ፡፡ ኣብ ክርስቶስ ግና ንኣይ ይጥዓመኒ ዚብል መንፈስ ዘበት ኣይተራእየን፡፡ ገዛእ ርእሱ ከቐድም ፈተናታት ኣጋጢምዎ ነይሩ፡፡ ግናኸ "ክርስቶስ ድማ ንርእሱ ባህ ዜብሎ ኣይደለየን" ይብለና ሮሜ 15፡3፡፡ እዚ መንፈስ እዚ ባህሪ ናይ የሱስ ክርስቶስ፣ ደይመደይ ዝበለ መምርሒኡን ጠባዩን ተግባሩን እዩ ነይሩ። ነቶም ኣይሁድ ከምዚ ይብሎም "ኣነ ንርእሰይ ክብረት ኣይደልን እየ ..." ዮሃ 8፡50፡፡ ኣብ ዮሃ 5፡41 ድማ "... ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፣ ፍቓደይ ኣይደልን እየ፣" ይብል፡፡ እዚ መንፈስ እዚ፣ እዚ ጠባይ እዚ ድማ እዩ ነቲ መሪር ሞት ናይ መስቀል ከይተረረፈ ፈትዩ ኪቕበል ዘኽኣሎ፡፡

ኣነነት ወይስ ንኣይ ይጥዓመኒ ዚብል ከም ዘይነበሮ ብብዙሕ ኣብነታት እዩ ዝርኣ፡፡ ክርኣ፣ ውሃ ክብሃል፣ ኣየ እከላ ኢሎም ከድንቕዎ ፈጺሙ ኣይደለዮን፡፡ ደግነተይ፣ ጽቡቕ ግብረይ ክፍለጠለይ ኢሉ ዝገበሮ ሓንቲ እኳ የብሉን፡፡ ፈተና ናይ ዓለማዊ ሰብ በቲ ዝገበሮ ሞያ፣ ናእዳን ክብረትን ኣድንቖትን ጸብለል ትነትን ክረክብ እዩ፡፡ የሱስ ክርስቶስ ድማ ብርግጽ በዓል ዓበይቲ ሞያታት እዩ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ዘበት ኣይተነየተሉን፡፡ ኣረ በቲ ዝገበሮ፣ ስም ብምርካብ፣ ካብቲ ስራሑን ዕላማኡን መባኾሪ ኰይኑ ስለ ዝረኸቦ፣ ነቶም ብተኣምራት ዝፈወሶም ኣይትንገሩ ደኣ ይብሎም ነበረ። ናይ ክብረት ስምዒቱ ካብ ምፍላጥ መን ምዃኑን ምስላጥ ዘምጽኦ ዕላማን

ዝፈልፈለ ደኣ እምበር ብናእዳ ናይ ካልኦት ተምበድቢዱ ዝረሰነ ስለ ዘይነበረ ነቶም ኣይሁድ "ኣነ ውዳሴ ሰብ ኣይቅበልን እየ፡" ይብሎም፡፡ ዮሃ 5፡41፡፡

ዝጠመየሉ እዋን ነይሩ፡፡ ብተኣምራት ጥሜቱ ከዕግብ ድማ ተፈቲኑ፡፡ እንተኾነ ንኣሽሓት ደኣ ብተኣምራት መጊቡዎም እምበር ንገዛእ ርእሱስ ከምኡ ኣይገበረላን፡፡ ማይ ጸሚኡ ኻኸተናሽዎ እትኽእል ሳምራዊት "ማይ ኮታ ኣስትዩኒ" ኢሉ፡፡ ግናኸ ከምኡ ዝበላ ዝበለጸ ማይ ህይወት ምእንቲ ኪህባ እዩ፡፡ ገንዘብ ኣይነበሮን፡፡ ከቶ ግና ለሚኑ ወይ ኣለቅሒኒ ኢሉ ኣይፈልጥን፡፡ ግብሪ ክፈል ምስ ተባህለ ካብ ኣፍ ዓሳ ኣምጺኡ ከፊሉዎም። ካብቶም ህይወቱ ዝደልዩ ጸላእቱ ብፍርሒ ተሓቢኡ ኣይፈልጥን፡፡ ተጻይነት፡ ተጻረርቲ ተላዒ ሎም ብሕርቃን ኣይወልዕዎን፡ ኣይ ደሃልዎን፡፡ ወትሩ መንፈሱ ምስ ረግኣን ጸጥ ምስ በለን ነበረ፡፡ ኩሉ ዝገብሮ ንኽብሪ እቲ ዝለኣኾ ኣቦ ነበረ፡፡ ፈተውቲ ወይስ ኣድነቕቲ "ሆሳእና ወዲ ዳዊት፡" እናበሉ እንተ ጨርሒሉ ኣይተፈኸነን፡፡ እታ ሓቂ ብበላሓ ነጊሩዎም ክስዕብዎ ጸኒሖም እንተ ኣድሓርሓሩ ድማ ኣይተደቘሰን፡፡ ወይ ብጥበብ ክሕዞም ኢሉ ነቲ ሓቂ ኣይቀጠኖን፡፡ ብርግጽ ንርእሱ ባህ ከብል ክብረት ገዛእ ርእሱ ከቐድም ከቶ ኣይገበረን፡፡ ንኣይ ይጥዓ መኒ ብዘይምባል ሓደ እኳ መዘናኡ ዝኸውን የልቦን፡፡

4. <u>ዘመኽንየሉ ሓንቲ እኳ ኣይነበሮን</u>፡፡ <u>ሓገዝ ሰብ'ውን ከቶ ኣይሓተተን</u>፡፡ <u>መዘና የብሉን</u>

ጸላእቱ በዲሆምዎ ወይስ ፈተውቱ ከምዚ ደኣ ዘይገበርካ ኢሎም ኣሪሞምዎ ይቕረታ ዝሓተሉ፡ ዘመሳምሰሉ፡ ወይ ዘማኻንየሉ ዘላግበሉ ዘበት ኣይነበሮን፡፡

ንኣብነት፡ ደቀ መዛሙርቱ ብማዕበል ተጨኒቖም ከለዉ ለጥ ምባሉ፡ "ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን፡" (ማር 4፡38) ኢሎም ምስ ወንጀልዎ፡ ይቕሬታ፡ ብስራሕ ደኺመ፡ ድቃስ ከቢዳትኒ ኢሉ ኣየመሳመሰን፡፡ ክድቅስ መሰለይ እዩ ኢሉ 'ውን ኣይተማጎተን፡፡

ማርታ፡ እናጕሃየት ንየሱስ ደንጒኻ፡ ናትካ ምድንጓይ እዩ ንሓወይ ቀቲልዎ ኢላ፡ ብጥዑም ዘረባ እኳ እንተ ነበረ ሓምያቶ እያ። (ዮሃ 11፡21)፡፡ የሱስ ግና ክንዲ ቅራፍ ከም ዘይዘንግዐ ብውሽጡ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ እወ ሓቕኺ፡ ከምዚ እኮ እዩ ኰይኑ ኢሉ ከማኻኒ ወይ ከረድኣ ኣይፈተነን። ብስልጣን ግና "ሓውኺ ኺትንስእ እዩ፡ በላ፡፡" (ዮሃ 11፡23)፡፡

ጴጥሮስ ድማ ካብ ፍቕሪ እተላዕለ ሓደ ጊዜ ንየሱስ ክርስቶስ ገኒሕዎ። የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ሞቱ ኣብ መስቀልን ትንሳኤኡን ክምህሮም ጀመረ፡፡ ጴጥሮስ ግና ኣይፈተወሉን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንየሱስ "ፍልይ ኣቢሉ ኺገንሖ ጀመረ" ይብለና (ማር 8፡32)፡፡ እንታይ ከም ዝበሎ ድማ ኣይንስሕቶን ኢና፡፡ ከምዚ ኢልዎ ኢልና ክንግምት ንኽእል፡፡ *ክስቀል እየ፡ ክመውት እየ እንተ ደኣ ኢልካ፡ ኩሉ ክሓድገካ እዩ፡፡ ዝስዕበካ የልቦን፡፡ በይንኻ ክትተርፍ ኢኻ፡፡*

የሱስከ ሓቕኻ ኢኻ፡ የቐንየለይዶ ኢሉዎ ንጴጥሮስ? ኣበርቲዔዮዶ እየ?፡ ብጌጋዶ ይርድኡኒ ይመስለካ ኢሉዎዶ? ድሕሪ ሕጂ ክጥንቀቕ እየ ይቕረታዶ

እዩ ኢሉዎ? ኣይፋሉን። የሱስ ነቲ ተገሪሁ ዝገንሖ ጴጥሮስ ዝበሎ መሪር ዘለፋ እንሆ። "ኣታ ሰይጣን፣ ናይ ሰብ እምበር፣ ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ፣ ካባይ ርሓቕ።" ነቲ ዝበልክዎ ዘማሓይሽሉ የልቦን። እዚ ማዕዳኻ ድማ ጌጋ ጥራይ ዘይኮነስ ሰይጣናዊ እዩ ብዝብል ተመሊሱ ንጴጥሮስ ገኒሕዎ።

ንደቀ መዛሙርቱ፣ ንማርታ፣ ንጴጥሮስ ይቕረታ ዝብለሉ፣ ዘመሳምሰሉ፣ መብርሂ ዝህበሉ ሓደ እኳ ኣይነበሮን። ጸላኣቱ ድማ ብዛዕባ ሓደ ነጥቢ ኣዝዮም ተኸራኺሮም በዲሆምዎ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክሳዕ ብዳርባ እምኒ ክቐትልዎ እምኒ ኣልዕልሉ። (ዮሃ 10፣30-39)። የሱስከ፣ ይቕሬታ፣ ከምኡ ማለተይ ኣይኮንኩን፣ ንረዳዳእ ኢሉ ዘረባኡዶ ክእርም ጀሚሩ? ዘበት። ክንዲ ቅራፍ ትኣክል እኳ ዝእርሞ፣ ዘማሓይሾ ኣይነበሮን።

ኣይሁድ ከቢቦም "ንሸኻ ክርስቶስ እንተ ኼንካ ኣግሂድካ ንገረና፣" ምስ በልዎ፣ ብትኽ ኣቢሉ "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና፣" ምስ በሎም ክጸሩዎ ኣይከኣሉን። ብድሕሪኡ ዝኾነ ኣብ ዮሃ 10፣30-39 ዘሎ ከምዚ ይብል።

"ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ኪቐትልዎ ኸም ብሓድሽ እምኒ ኣልዓሉ። የሱስ ከኣ፣ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርኤኹኹም። ስለ ኣየናይ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ኽትቀትሉኒ እትደልዩ ዘሎኹም? ኢሉ መለሰሎም። ኣይሁድ ከኣ፣ ስለቲ ምጽራፍካን ሰብ ክነስኻ ነፍስኻ ኣምላኽ ስለ ምግባርካን እምበር፣ ስለቲ ጽቡቕ ግብርታትካስ ኣይኮንናን ብእምኒ እንቐትለካ፣ ኢሎም መለሱሉ። የሱስ መለሰሎም፣ 'ኣብ ሕግኹም፣ ኣነ፣ ኣማልኽቲ ኢኹም፣' በልኩ፣ ዚብልዶ ኣይተጻሕፈን እዩ? ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝመጸሎም ኣማልኽቲ ኻብ ዚብሎም፣ - ጽሑፍ ኪፈርስ ኣይክኣልን እዩ፣ ነቲ ኣቦ ዝቐደሶ ናብ ዓለምውን ዝለኣኾ ግዳ፣ ወዲ ኣምላኽ እየ ስለ ዝበልኩኹም፣ ከመይ ኢልኩም፣ ትጸርፍ ኣሎኻ፣ ትብሉኒ ኣሎኹም? ግብሪ ኣቦይ እንተ ዘይገበርኩ፣ ኣይትእመኑኒ። እንተ ገበርኩ ግና፣ ኣቦ ኣባይ ምህላዉ፣ ኣነውን ኣብ ኣቦ ምህላወይ ምእንቲ ኽትፈልጡን ከተስተብህሉንሲ ንኣይ እኳ እንተ ዘይኣመንኩምኒ፣ ነቲ ግብረይ እመንዎ። መሊሶም ድማ ኪሕዝዎ ደለዩ። ንሱ ግና ካብ ኢዳዎም መለቐ።"

ኣብዚኣስ የሱስ ክርስቶስ ነቲ ኣቐዲሙ ኣኹሪይዎም ማዕረ ብዳርባ እምኒ ኪቐትልዎ ዝነደሩሉ ዘረባኡ ይቕረታዶ ሓቲትሉ? ከም ዘረስርሶም ገይሩ ኣመሓይሹዶ ነጊሩዎም? እቲ ኣቐዲሙ ዝነገሮም ኣብ ቁም ነገሩ ይኹን ወይስ ኣብቲ ኣበሃህላኡ ጌጋ ወይስ ዝመሓየሽ ስለ ዘይብሉ ኣመሓይሹ ይቕሬታ ዝሓተሉ፣ ዘመሳምሰሉ፣ ዘመሓይሾ ዘረባ ወይስ ስጉምቲ ከቶ ወሲዱ ኣይፈልጥን። ከምዚ ዝበለ ብዘይካ የሱስ ክርስቶስከ ተራእዩዶ ይፈልጥ? ዘበት!! ሓደ እኳ። መዘና የብሉን!

ንሕና ደቂ ሰባት ብፍጥረትና ጉድሎታት ስለ ዝኾንና መመላእታ፣ ማለት ሓገዝ ናይ ካልኦት የድልየናን ንሓትትን ኢና። ስለዚ ድማ፣ ንኣብነት፣ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ነቶም ኣመንቲ "ኣሕዋተየ፣ ምእንታና ጸልዩ። ምእንታይ ጸልዩ" እናበለ ደገፍ ናይ ብጾቱ ክሓትት ንርእዮ። የሱስ ክርስቶስ ግና ጉድለት ተሰሚዕዎ ደገፍ ናይ ካልኦት ክደሊ ወይስ ክሓትት ከቶ ኣይንርእዮን። ነቶም

ደቀ መዛሙርቱ ናብ ጌተሰማኒ ሒዝዎም ምስ ከደ'ውን ንገዛእ ርእሶም ኣብ ፈተና ከይወድቁ ክነቕሑ ደኣ እዩ ወሲድዎም እምበር ጕደሉኡ ከማልእሉ ኣይኮነን፡፡ ብዘይካ የሱስ ክርስቶስ ጕደሎ ዘይብሉ፡ ካልኦት ዘማልእሉ ዘይብሉ ሰብሲ ተራእዩዶ ይፈልጥ? ዘበት! ሓደ እኳ፡፡

## 5. <u>ብደግነቱ ሚዛናዊ ብምዃን መዘና የብሉን</u>፡፡

ኣብ ሰባት እቲ ናእዳ ዝግብኦ ደጊ ሰብ'ውን፡ ድሕሪ በሊሕ መርመራ ዘባልን ጕደሎን ኰይኑ እዩ ዝርከብ፡፡ ከምቲ ምስላ ዝብሎ፡ "እንተ ነውሖስ ጽላሎት የዕቢ፡፡" ማለት ናእዳ ዝግብኦ ደጊ ሰብ ብመጠን ቈማት ደግነቱ ኣበራቱ ድማ መሊሱ ይዓቢ እዩ፡፡ ነብይ ኢሳይያስ ነቲ ናይ ሰብ ነገር ምሉእ ዘይብሉ ምዃኑ ኣብ መጽሓፉ ኢሳ 64፥6 ከምዚ ገይሩ ይገልጾ፡ " ... ብዘሎ ጽድቅና ኸኣ ከም ጽዩቕ ክዳን እዩ ...፡፡" ኣስተብህሉሉ እሞ እቲ ክንየተሉ፡ ክንናኣደሉ ዝግብኣና፡ ማለት እቲ ጽድቅና ኢሉዎ ዘሎስ ምስ እንታኡ እዩ፡፡

ብኣብነት ንረድኣዮ፡፡ ንኣብነት ተመክሮ ነብይ ኢሳይያስ ናይ ባዕሉ ኣብ መጽሓፉ ኢሳ 6፥1-5 ዘሎ ንርኣዮ።፡ እግዚኣብሄር ንነብዩ ኢሳይያስ ኣዝዩ ስለ ዝፈተዎን ዘኽበሮን ልብኻ ዝምስጥ መስተንክር ዓቢ ነገር ኣርእይዎ፡፡ መላእኽቲ ከይተረፉ ኣድኒቖም ብዜማ ዝውድስሉ ተመክሮ እዩ ነይሩ። ነብዩ ኢሳይያስ ድማ ምስቶም መላእኽቲ ክውድስ ፈቲኑ፡፡ ግናኸ ኣይከኣሎን፡፡ ብዘይምኽኣሉ ድማ ሕፍረትን ኣበርን ተሰሚዕዎ፡ ሽዑ "... ከናፍረይ ዝርኹስ ሰብ እየ፡ እሞ ወይለይ ..." እናበለ ገዛእ ርእሱ ክሳዕ ዝጸልእ ኰነ፡፡ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ግና ውድኑ ዘጥፍአ ዘባል ደግነት የልቦን፡፡ ዘባል ደግነት ማለት፡ ዕ ዙዝ ደግነት በቲ ሓደ ወገን፡ ነዳይ ድማ በቲ ሓደ፡ ዝንኣድ በቲ ሓደ፡ ዝሕመ በቲ ሓደ፡ ብርቱዕ ብገሊኡ ድኹም ድማ በቲ ሓደ ወገኑ ዝኾነ እዩ፡፡ ደግነት የሱስ ክርስቶስ ግና ምሉእን ተሳሚሩ ሚዛኑን ደመቱን ዝሓለወ እዩ፡፡ መዘና የብሉን!

ዮሃንስ ኣብ 1፥14 ነዚ ምልኣቱን ሚዛኑን ደመቱን ዝሓለወ ደግነት የሱስ ክርስቶስ ብሓጺር፡ ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፡፡ "... ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሓደረ፡፡ ..." እዘን ክልተ ደግነታት ብምልኣትን ብተግባርን ብሚዛንን ኣብ የሱስ ክርስቶስ ምንባረን ተነጊሩና ኣሎ፡፡ ጸጋ ማለት ከም እኒ በዓል ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ ህድኣት፡ ... ወዘተ ዝመሰሉ ዘጠቓልል ንህይወትካን ንህይወት ካልኦትን ጣዕሚ ዝህብ ባህርን ጠባያትን ተግባራትን እዩ፡፡

እታ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ምስ ጸጋ ተሳንያን ተቛሪናን እትኸይድ ባህሪ ድማ ሓቂ እያ። ሓቂ ድማ ቅንዕና፡ ፍትሒ፡ ፍርዲ፡ መሰል ምሕላው፡ ... ወዘተ ዝኣመሰሉ ዘጠቓልል ደግነት እዩ፡፡ እዘን ክልተ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ብምልኣትን ብሚዛንን ከም ዝነበራ ይነግረና፡፡

ጸጋ ብዘይ ሓቂ መቀባጠርን መጋነንን ሸለልተኛን እዩ ዚገብረካ፡፡ ሓቂ ብዘይ ጸጋ ድማ ፈራድን ሴፉ ዝዓጠቐ ቀንጻልን ይገብረካ፡፡ ክልቲኣን ብምልኣትን ብሚዛንን ዝርከባ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እየን። ይርከባ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ግብሪ ድማ ከም ዝውዕላ፡ በተን ከምዚ ኰይኑ "ኣባና ሓደረ፡" እትብል ሓረግ ገይሩ ገሊጽዎ፡፡

## 6. <u>ኩሉ ዝኽእል ዓቕሚ ነይርዎ፡፡ መዘና የብሉን፡፡</u>

ከምዚ ዝበለ መዘና ዘይብሉ ደግነታትሲ ከመይ ገይሩ ከኣሎ? ንኹሉ ዘኽእል ዓቕሚ ከም ዝነበሮ ተሓቢሩልና ኣሎ፡፡ ሰኣን ዓቕሚ ኣይተኾልፈን፡፡ ንማዕበል ብትእዛዝ ቃሉ ጸጥ የብሎ፡፡ ኣብ ልዕሊ ማያት ከም ኣብ ንቑጽ ምድሪ ይኸይድ፡፡ ኣጋንንቲ ኣብ ቅድሚኡ ርዒዶም ንዝሓዝዎ ሓዲጎምዎ ይሃድሙ፡፡ ንኹሉ ሕማማት ይፍውስ፡፡ ምፍዋስ ሕሙማት ጥራይ ዘይኮነስ ንምዉታት'ውን ካብ ሬሳ ናብ ህይወት ይመልሶም፡፡ ኩሉ ይፈልጥ፡፡ ትሕብኦ ሓንቲ ነገር የላን፡፡ ሕጅን ድሕሪ ኣምእታት ዓመታትን ዝኸውን ይፈልጦ፡፡

ብዛዕባ እቲ መዘና ዘይብሉ ደግነቱ ቊንጭል ኣቢልና ተዛቲናሉ፡፡ ንሱውን፡ ፈቲንና ክንብል ደኣ እምበር መሊእናስ ኣይክኣልናዮን፡፡ ይትረፍዶ ሓንቲ ንእሽቶ ዓንቀጽ ከምዛ ናይ ሕጅስ፡ መጻሕፍቲ ተጻሒፉ እኳ ገና መሊኡ ኣይተነግረን።፡ መመሊስና እንተ መርመርናዮ ድማ ከነድንቖን ክንሰግደሉን ናይ ግድን እዩ፡፡

እቲ ቓል ስጋ ኾነ። ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኣብ ኣባና ሓደረ።
ዮሃ 1፥14
*መዘና የብሉን! መዘና የብሉን!*



By Jef Larson

"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዚኸበደኩምን ኣነ ኽዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኵሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተመሃሩ፡ ነንፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።"

(ማቴ 11፥28-30)



**ርሑስ በዓል ልደትን ሰላምን ቅሳነትን ዝመልኦ ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና**